***TIGRIGNA***

# ተምሃሮት ጽቡቕ
# ናይ ትምህርቲ ነጥቢ
# ክህልዎም
# ተሓባቢርና ንስራሕ



ንናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ወለዲን ኮሚዩኒትን ዝተዳለወ መጽሃፍ

እዛ መጽሓፍ ኣብ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ዝዝረባ ብዘን ዝስዕባ ቋንቋታት ተዳሊያ ኣላ።

- አምሓረኛ
- ካምቦዲያን
- ቻይና
- ላኦ
- ሶማሊኛ
- ስፓኒሽ
- ትግሪኛ
- ቬትናሚኛ

© Community Training and Assistance Center, 2005
Boston, MA

ብናይ ስዳርቤት ሓገዝ ፕሮግራም
ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ዝተዳለወ
ስያትል ፤ ዋሽንግተን

ናይ ገንዘብ ሓገ ዝተረኽበ ካብ
ናይ አሜሪካ ኽፍሊ ትምህርቲ
ትምህርቲ ምምሕያሽ ዝተመደበ ባጀት እዩ

## መእተዊ

### ኩሉም ተምሃሮት ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ውጽኢት ከምጽኡ ምግባር

እዛ መጽሓፍ ብፍላይ ተምሃሮት ብትምህርቶም ጽቡቕ ነጥቢ ንኸምጽኡ ንምግባር ንምትሕብባርን ንወለዲ፣ ንናይ ኮሚዩኒቲ ኣባላትን ከምኡውን ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ተባሂላ ዝተዳለወት መጽሓፍ እያ።

ወለዲ[1] ቤት ትምህርትታትን ናይ ኮሚዩኒቲ ኣባላት[2] ተምሃሮት ንምሕጋዝ ብዝተፈላለዩ መንገዲታት ምትሕብባር ይገብሩ እዮም። እዞም ኩሎም ዝገብርዎ ምትሕብባር ብባዕሚ ወሳናይ ዝኾነ ውጽኢት ኣለዎ እዩ። ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ስርዓትን ኣሰራርሓን ክህልው ብምትሕግጋዝ እውን ይሰርሑ።

ወለዲ፣ቤት ትምህርትታትን ናይ ኮሚዩኒቲ ኣባላት ኩሎም ብሓባር ተሓጋጊዞም ብምስራሕ እዞም ዝስዕቡ ውጽኢ ከምጽኡ ይኽእሉ እዮም።

- ኩሉም ተምሃሮት እቲ ዝድለይ ነጥቢ ከምጽኡ ምግባር
- ኣብ ቤት ትምህርታት፣ ኣብ ገዛን ከምኡውን ኣብ ኮሚዩኒቲ ጽቡቕ ሓገዛትን ምትሕብባር ዝግበረሉ ናይ ትምህርቲ ስርዓት።
- ጽቡቕን ዝላዓለን ጽሬት ዘለዎ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት ከምኡውን ኣገዳሲን ኣድለይቲ ዝኾኑ ንትምህርቲ ዘድልዩ ነገራት፣ ጽቡቕ ክእለት ዘለዎም መምሃራን ክህልዉ፣ ፍሉይ ሓገዝ ዘድልዮም ተምሃሮት ተወሳኺ ሓገዝ ክረኽቡ ምግባር።
- ፍሉይ ናይ ትምህርቲ ጋንታ ክህልው ምግባር ንኣብነት(ካብ ተምሃሮት ቤትትምህርቲን ስድራቤታትን ከምኡውን ካብቲ ኮሚዩኒቲ ዝተሓረዩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም)

ኣብ መንጎ ወለድን እቲ ቤት ትምህርትን ጽቡቕን ምዕቡልን ዝኾነ ርክባት ክህልው ምግባር። ብተወሳኺ እውን ነንሕድሕድ ቖልዓ ወይከኣ ህጻን ጽቡቕ ናይ ኣካዳሚክ ትምህርቲ ክህልዎም ምግባር፣ ብፍላይ ሓበሬታታት ብምልውዋጥ ከጋጥሞ ንዝኽእሉ ጸገማት ፍታሕ ክረኽቡ ምግባር።

[1] "ወለዲ" ማለት ናይ ህጻውንቲ ዘዕብየዎም ወይከኣ ሞግዚት ወይ ኣቦሓጎ እኖሓጎ

[2] "ናይ ኮሚዩኒቲ ማሕበር" ማለት መንግስታዊ፣ ኣትረፍቲ ዘይኮኑ ማሕበራት ናይ ሃይማኖት እምነት ዝኽተሉ ማህበራት።ንኣብነት ናይ ስዳረቤት ሰንተር፣ ሶሻል ግልጋሎት ሰንተር፣ ናይ መናእሰያት ማሕበር፣ ናይ ወለዲ ማሕበር፣ ቤተክርስቲያን ማሕበራት።

## ትሕዝቶታት

እዛ መጽሓፍ ተምሃሮት ጽቡቕ ናይ ኣካዳሚክ ትምህርቲ ክህልዎም ንምግባር ዝሕብር ሸሞንተ ኣርእስትታት ኣለዋ። ሕድሕድ ኣርእስቲ እውን ብባዕሚ ጠቓሚ ዝኾነ ሓበሬታ ይህቡ እዮም።ብእዝን ኣርእስትታት መሰረት እውን ኣብ መንጎ ወለዲ፣ ቤት ትምህርታትን ኮሚዩኒቲ ጽቡቕ ዝኾነ ምትሕግጋዛት ክህልው ይገብር እዩ። ኣብዛ መጽሓፍ ካሊ ተወሳኺ ዝኾነ ሓበሬታ ንምርካብ ካሊእ ተወሳኺ ሓበሬታን ስልኪ ቁጽርታትን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።


| ኣርእስቲ | ገጽ |
|---|---|
| 1.ናብ ቤት ትምህርቲ ብጻሓን ምጹ፣ ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ቦታ | 3 |
| 2. ኣብ ኽፍሊ ውሽጢ ዝዋሃብ ትምህርቲ | 5 |
| 3. ሪፖርት ካርድን ናይ ፕሮግረስ ሪፖርት | 6 |
| 4. ደረጃኡ ዝሓለወ ምርመራታት | 7 |
| 5. ናይ ትምህርቲ ፕላንን ንሕድሕድ ተምሃሮት | 9 |
| 6. ፕሮግራማትን ምትሕግጋዝን ንተምሃሮት | 11 |
| 7. ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕዳር ምምሕያሽ | 13 |
| 8. ሕቶታትን ካልኦት ሓሳባትን | 15 |

| ኣገዳሲ ዘድልዩን ሓበሬታ | ገጽ |
|---|---|
| ዝኾነ ህጻን ንድሕሪት ከተርፍ የብሉን (NCLB) መብርሂ | 1 |
| ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትን ስድራቤት ምሕዝነት ፖሊሲ | 16 |
| ኣገዳሲን ዘድልዩን ፍልፍላት | 17 |


ብኽብረትኩም ኣብዚ መጽሓፍ ብዛዕባ ዘለዉ ሓበሬታታት ተለዋወጡ። ብተወሳኺ እውን ናይ ባዕልኹም ዝኾነ ሓሳብ ወይ ሪኢይቶ ምስ ካልኦት ተመያየጡ።

## ዝኾነ ህጻን ንድሕሪት ከተርፍ የብሉን (NCLB)

NCLB እዙይ ብሄራዊ ናይ ትምህርቲ ሕጊ እዩ።ናይዚ ፕሮግራም ቐንዲ ዕላማ ኹሉም ህጻውንቲ ብዘይ ምንም ኣፈላላይ ማዕረ ዝኾነ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ክህልዎሙን ክዋሃቦምን ምግባር እዩ። በዚ ፕሮግራም መሰረት እውን ኩለን ናይ ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ናይ ኩሎም ተምሃሮት ናይ ትምህርቲ ውጽኢት ወይከኣ እቶም ተምሃሮት ዝረኸብዎ ነጥቢ ከርእያ ክኽእላ ኣለውን።ቤት ትምህርትታት ኩለን ብቕዓትን ክእለትን ዘለዎም መምሃራን ክህልወን ኣለዎ።

NCLB በዚ ፕሮግራም መሰርት እውን ወለዲ ናይ ደቆም ናይ ትምህርቲ ውጽኢት ምዕባለን ክፈልጡ ሙሉእ መሰል ኣለዎም እዩ። ብተወሳኺ እውን ወለዲ ኣብ ናይ ደቆም ትምህርቲ ክጠቅምን ክሕግዝን ዝኽእል ፕላን ናይ ምውጻእን ንጸገማት እውን ፍታሕ ናይ ምድላይን ከምኡውን ቤት ትምህርትታትን ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕዳራት ንምምሕያሽን ለውጢ ንክህሉን ኣብዝግበር ስራሕቲ ብንጥፈት ክሳተፉን ሓሳባት ክህቡን ሙሉእ መሰላት ኣለዎም እዩ።

ናይ NCLB ሕጊ ብናይ ኣሜሪካ ኮንገርስ ውሳነ ዝጸደቐ ኣብ 2002 ዓመተ ምሕረት ውሽጢ እዩ።ብዛዕባ እዚ ሕጊ ዝርዝር መረዳእታ እዘን ዝስዕባ ነጥብታት ራኣዩ።



| | |
|---|---|
| ናይ ተምሃሮት ኽእለትን ውጽኢትን | • ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ዝማሃሩ ተምሃሮት ኩሎም ኽእለቶም ንምልካዕ ደረጅኡ ዝሓለወ ምርመራ ክወስዱ ይግበር።<br>• በቲ ዝረኸብዎም ነጥቢ እውን ዘምጽእዎ ምምሕያሽ ይልካዕ።<br>• ዋሽንግተን ስቴት ዝርከባ ቤት ትምህርትታት ናይ ዋስል ምርመራ ይህባ እየን።ቤት ትምህርትታት ንኣካለ ስንኩል ዝኾኑ ተምሃሮት ዝተፈለየ ምርመራ ክዳለዎሎም ይግበር እዩ።<br>• ቤት ትምህርትታት ተምሃሮት ዝረኸብዎ ናይ ምርመራ ውጽኢት ብፖስታ ናብ ወለዶም ክስደድ ይገብሩ። |
| ናይ መምሃራን ክእለት | • ኣብ2005 2006 ዓመት መወዳእታ ኩሎም መምሃራን ብኹሉ ናይ ትምህርቲ ዓይነት ዝላዕለ ናይ ምምሃር ኽእለት ክህልዎም ይድለይ<br>• ዝላዓለ ኽእለት ዘለዎም መምሃራን ዝባሃሉ ብናይ ትምህርቲ ዓይነት ምምሃር ዝላዓለ ሰርቲፊኬት፣ ናይ ባችለር ዲግሪን ካብኡ ንላዕሊ ዘለዎም ማለት እዩ። |
| ናይ ቤት ትምህርቲ ዕብየት | • በብዓመቱ ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕዳር ናይ ሕድሕድ ቤት ትምህርቲ ዕብየትን ምምሕያሻትን ዝርዝር ሓበሬታ ንወለድን ነቲ ኮሚዩኒቲ የፍልጡ።<br>• ንሓደ ወይ ኽለት ዓመት ብተኸታታሊ ድኽመት ዘርኣዩ ቤት ትምህርቲ:<br>– እቲ ምምሕዳር ንወለዲ ይፍልጡ።ብተወሳኺ እውን ወለዲ እቲ ቤት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ኣብዝግበር ስራሕቲ ክሳተፉ የተባብዕ<br>– ቤት ትምህርትታት ምንም ዓይነት ምምሕያሽ እንድሕር ዘይርእየን እቶም ተምሃሮት ተወሳኺ ናይ ትምህርቲ ሓገዝ ክግበረሎም ክሓቱ መሰል ኣለዎም እዩ።<br>ወለዲ ደቆም ናብ ካሊእ ጽቡቕ ቤት ትምህርቲ ናይ ምቕያር ዕድላት እውን ክዋሃቦም እዩ። |
| ናይ ቤት ትምህርቲ ድሕንነት | • ብዛዕባ ቤት ትምህርትታት ደሕንነትን ካልኦት ሓበሬታታት ኹሉ ወለዲ፣ ቤት ትምህርቲን ናይ ኮሚዩኒቲ መራሕቲ ክፈልጥዎ ይግበር<br>• ኣብ ቤት ትምህርቲ ውሽጢ ብዝፍጠሩ ሓደጋ ጉድኣት ዘበጸሖም ተምሃሮት እንተደሊዮም ናብ ካሊእ ቤት ትምህርቲ ክቕይሩ ዕድል ይዋሃቦም እዩ። |
| ቤት ትምህርቲ ምምሕያሽ | • ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕዳራት ቤት ትምህርትታት ንምምሕያሽን ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ስርዓት ክህልው ንምግባር ኣብ ዝገብርዎ ጻዕርን ምድልዋትን ወለዲ እውን ብንጥፈት ክሳተፉን ሓሳባትዎም ክህቡ የተባብዕ። |

## 1. ድሕንነት ዘለዎን ጽቡቕ ትምህርቲ ዝርከበሉ ስፍራ

ቤት ትምህርቲ ዑደት ምግባር

ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ወለዲን ናይ ኮሚዩኒቲ ኣባላት ኣብ ኸፍሊ ተረኺቦም ሓድ ሓደ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ስራሕቲ መጺኦም ክሪኡን ክዕዘቡ ዑደት ክገብሩን እቲ ምምሕዳር የተባብዕ እዩ።ወለዲ ኣብ ዝኾነ እዋንን ሰዓትን ኣብ ኸፍሊ መጺኦም እቶም ተምሃሮት ዝሰርሕዎ ስራሕቲ ክዕዘቡ ይኽእሉ እዮም።ወለዲ ወይከኣ ካልኦት ሰባት ናብ ቤት ትምህርቲ ክመጽኡ እንከለዎ በቲ ናይቲ ቤት ጽሕፈት መእትዊ ማዕጾ ገይሮም ክኣትዉ ኣለዎም።

ደሕንነትን ናይ ዲስፕሊን ፖሊሲ

ሕድሕድ ቤት ቕትምህርቲ ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ምምሃር መንፈስ ክህልዎ ጽቡቕ ዝኾነ ናይ ድሕንነትን ዲስፕሊን ፖሊሲ ኣለውን እዩ። ናይቲ ፖሊሲ ቕዳሕ ኮፒ ክትረኽቡ እንተደኣ ደሊኹም ካብ ናይ ቤት ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።ወለዲ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ናይ ኮሚዩኒቲ መራሕቲ ብዛዕባ እቲ ፖሊሲ ዝኾነ ሕቶ ክትሓቱን ሪኢይቶ ክትህብሉን ትኽእሉ ኢኹም።

ዝኾነ ህጻን ንድሕሪት ክተርፍ የብሉን ብዝብል ሕጊ መሰረት ወለዲን ናይ ኮሚዩኒቲ ኣባላት ብዛዕባ ሓድሓደ ተምሃሮት ናይ ሓሺሽ ይኹን ካሊእ ልምዲ ዘለዎም ዝምልከት ሓበሬታታት ኣብ ሞንጎኦም ኸለዋወጡ ይኽእሉ እዮም።



### ሓበሬታ

- ወለዲ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት፣ ተምሃሮትን ናይ ኮሚዩኒቲ ኣባላት ኩሎም ካብ ዝተፈላለየ ናይቲ ሕብረተስብ ኸፍሊ ዝመጹ ከሙኻኖም መጠን ዝተፈላለዩ ልምድን ባህልን ዘለዎም እዩ።
- ቤት ትምህርትታት:
    - ኩሎም ስድራቤታት ተራኺቦም ፕሮግራማት ንኽጻልዎ ክመያየጡ ኣለዎም።
    - ናይ መስተርጎማይን ቓልዓ ዝሕዝ ሰብ ግልጋሎት ምድላው
    - ወለዲን ናይ ኮሚዩኒቲ ኣባላት ምስ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ዝራኸብሉን ዝእከብሉን ቦታ ኣዳራሽ ምድላው።
    - ኣድላይ እንተዳኣ ኾይኑ እውን ንወለዲ ቐረባ ዝኾነ ስፍራ ኣብቲ ናይቲ ኮሚዩኒቲ ኣዳራሽ ኣኼባ ክካየድ ምግባር።
    - ዝተፈላለዩ ባህልን ልምድን ዘለዎም ሕብረተሰብ ከምዘለዉና ኣብ ግምት ብምእታው እዙይ እውን ኣብቲ ናይ ትምህርቲ ስርዓት ዓብይ ግደ ከምዘለዎም ምፍላጥ።
- ቤት ትምህርቲን ወለዲን ብሓደጋ እዋን ከመይ ክራኽቡ ከምዝኽእሉ ክፈልጡ ምግባር።
- ወለዲ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውቶቡስ ኣበይ ጠጠው ከምዝብላ ይፈልጡ።
- ወለዲን ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ደሕንነትና ዲስፒሊንን ይዘራረቡ ብሓባር እውን ፍታሕ ክረኽቡ ይጽዕሩ።

<u>ካልኦት ሓሳባት:</u>

- ______________________________
- ______________________________

## 2. ኣብ ኽፍሊ ውሽጢ ትምህርቲ

**ናይ ተምሃሮት ትምህርቲ**

**ወለዲ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ናይ ኮሚዩኒቲ ማሕበራት ተም
ሃሮት ብዝበለጸ መንገዲ ንምሕጋዝ ብኹሉ መዳያት ክጽዕሩ እዮም።**

**ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ተምሃርት ኩሎም ኣብ ኽፍሊ እን
ታይ ናይ ትምህርቲ ዓይነት ክፈልጡ ከምዘለዎምን ክንደየናይ ክእለት ከም
ዘልዎምን ንምልኻዕ ኣብኩለን ቤት ትምህርትታት ዝስረሓሉ ናይ ትምህር
ታዊ መለክዒ ኣለወን። ናይ ቤት ትምህርትታት መለኪዒ ዝሕብር ኮፒ ወ
ይከኣ ቅዳሕ ካብቲ ቤት ትምህርቲ ብምሕታት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም
ካብ መምሃራን ወይከኣ ካብቶም ዳይረክተር እውን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢ
ኹም ብተወሳኺ እውን ካብ ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ናይ
ኢንተርኔት ዌብሳይት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።**
**www.seattleschools.org/area/acastan/index.dxml**

ሓበሬታ

- ቤት ትምህርትታት ወለዲ ኣብ ኽፍሊ መጺኦም ዑደት ንክገብሩ ትዕድም።
- ወለዲ መምሃራን እንታይ ከምዝምህሩን ተምሃሮት እውን እንታይ ክምዝሰር
ሑ ንምርኣይ ናብ ቤት ትምህርቲ መጺኦም ዑደት ክገብሩ ይድለይ።
- ወለዲን መምሃራንን ብዛዕባ ናይ ተምሃሮት ናይ ትምህርቲ ዕብየትን ብዝበለ
ጸ እውን ከመይ ክሕግዙ ከምዝኽእሉ ንምዝርራብ ኣብቲ ዝግበር ናይ ወለ
ዲን መምሃራንን ኮንፍረንስ ምስቶም መምህር ተራኺቦም ይዘራረቡ።
- ወለዲን ናይ ኮሚዩኒቲ ማሕበራት ተምሃሮት ኣብ ገዝኦም ትምህርቶም ከጽን
ዑ ከይርበሹን ጸጥ ዝበለ ስፍራ ክረኽቡ የመቻችውሎም።
- ወለዲ ተምሃሮት ኣብ ኽፍሊ ውሽጢ ዝሰርሕዎን ዝተማሃርዎን ኩሉ ንምፍላ
ጥ ደቆም ንገዝኦም ክመጹ እንክለዎ ይሓትዎም።(ኣብ ሰሙን ሓደ ጊዜ)
- መምሃራን ንተምሃሮት፣ ንወለዲ ከምኡውን ንካልኦት ናይ እቲ ኮሚዩኒቲ ኣባ
ላት ብዛዕባ ዘሎ ምንቅስቓሳትን ካልኦት ስራሕትን ኩሉ ሓበሬታ ይህቡ።
- ወለዲን ናይ ኮሚዩኒቲ ማሕበራት መምሃራን ተምሃሮት ንምሕጋዝ እንታይ ክ
ገብሩ ከምዝኽእሉን ከመይ ገይሮም ክሕግዙ ክምዝኽእሉ ይሓትዎም።

<u>ካልኦት ሓሳባት:</u>

- ________________________________________
- ________________________________________



## 3. ሪፖርት ካርድን ናይ ፕሮግረስ ሪፖርት

**ናይ ተምሃሮት ዕብየት**

**ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ንኹሎም ወለዲ ብዛዕባ ናይ ተም
ሃሮት ናይ ትምህርቲ ዕብየትን ክእለቶምን ዝሕብር ናይ ተምሃሮት ናይ ዕ
ብየት ሪፖርት ካርድ ኣብ ዓመት ብተደጋጋሚ ወለዲ ክፈልጡን እቲ ሪፖ
ርት ከምዝበጽሖም ይግበር። መምሃራን ናይ ተምሃሮት ናይ ትምህርቲ ዕብ
የት ዝልክዕዎ በቲ ዝዋሃብ ምርመራታትን ካልኦት ናይ ክፍሊ ስራሕትን
ዝተፈላለዩ ናይ ፕሮጀክት ስራሕትን ኩሉ ብዝረኽብዎ ሓፈሻዊ ነጥቢ መሰ
ርት እዩ።
ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ፖሊሲ መስረት ተምሃሮት ናብእ
ቲዝቕጽል ኽፍሊ ክሓልፉ ዝኽእሉ እቲ ዝድለይ ነጥቢ ወይ ውጽኢት
ጥራሕ እንተዳኣ ኣምጺኦም እዩ።**

ሓበሬታ

- ቤት ትምህርትታት ናይ ተምሃሮት ናይ ሪፖርት ካርድን ናይ ዕብየት ወይከኣ
ናይ ፕሮግረስ ሪፖርት ናብ ወለዲ ይሰዱ። ኣድላይ እንተኾኑ እውን መስተርጎ
ማይ ክግበር ይካኣል።
- ወለዲ ናይ ተምሃሮት ፕሮግረስ ሪፖርት ካርድ መዓዝ ከምዝስደድ ይፈልጡ።
- መምሃራን ብዛዕባ ናይ ሪፖርት ካርድ ዝኾነ ሕቶ መልሲ ንክህቡ ድሉዋት
እዩም።
- ወለዲ ብዛዕ ሪፖርት ካርዱ ዝኾነ ሕቶ ስልኪ ብምድዋል፣ ብኣካል ብምኻድ
ምስቶም መምሃራን ክዘራረቡን ክሓቱን ይኽእሉ እዮም።
- ወለዲ ናይ ደቆም መምሃራን ስም ይፈልጡ ከመይ ክራኽብዎም ከምዝኽእሉ
እውን ይፈልጡ ( ብስልኪ፣ ኢመይል ወይከኣ ቐጸራ ብምሓዝ).
- መምሃራንን ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ብዛዕባ ወለዲ እቲ ዘድልይ
ሓበሬታ ኣለዎም በቐሊሉ እውን ብዛዕባ ደቆም ክዘራረቡ ይኽእሉ እዮም።
- መምሃራንን ወለዲን ብዛዕባ ተምሃራቶች ድኽመት ጥራሕ ዘይኮነስ ብዛዕባ እቲ
ምዕቡል ጎኒ እውን ክዘራረቡ ክኽእሉ ኣለዎም።
- ወለዲን ተምሃሮትን ብዛዕ ሪፖርት ካርድ ብሓባር ኮይኖም ይዘራረብይን ይር
እይዎን። ኣበይ ከማሓይሹ ከምዝግቦም እውን ይዘራረቡ።

<u>ካልኦት ሓሳባት:</u>

- ________________________________________
- ________________________________________

## 4. ደረጃውን የጠበቀ ፈተና

**ደረጅኡ ዝሓለው ምርመራ**

**ኣብ ኩለን ብርኪ ዘለዉ ተምሃሮት እንታይ ከምዝተማሃሩን ንምፍላጥን ዘለዎም ክእለት ንምልካዕ ምርመራ ክወስዱ ይግበር እዩ። እዙይ እውን ብሃገርን ብናይ ስቴት ደረጃ ሓደ ዓይነት ዝኾነ ምርመራ ክወስዱ እዩ ዝግበር**

- **ተምሃሮት እንታይ ከምዝፈልጡ እንታይ ክፈልጡ ከምዝለዎም ንምፍላጥ**
- **ወለዲ፣ ቤትትምህርትን ናይ ኮሚዩኒቲ መራሕቲ ኩሉም እቲ ቤት ትምህርትን ምስ ካልኦት ቤት ትምህርትታትኣብቲ ስቴትን ኣብቲ ሃገር ዝርከባ ቤት ትምህርቲ ዝረኸበኦ ነጥቢ ብምንጽጻር እቲ ዕብየት ብምውድዳር እቲ ለውጡ ወለዲ ከምዝፈልጥዎ ይግበር።**
- **ኣየናይ ናይ ትምህርቲ ኽፍሊ ጽቡቕ ነጥቢ ከምዝመጸኦን ፈሊኻ ንምፍላጥን ኣብይ ምምሕያሽን ለውጥን ከምዘድልን ፈሊኻ ንምፍላጥ።**

**ዝኾነ ህጻን ንድሕሪት ክተርፍ የብሉን ብዝብል ሕጊ** (NCLB) **ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ናይ ኩሉም ተምሃሮት ናይ ኣካዳሚክ ትምህርቶም ዘለዎም ክእለት ዝልክዕሉ ሓደ ዓይነት መለኪዒ ኣሰራርሓ ክህልው እቲ ሕጊ የግድድ እዩ። ኣብ ስያትል ተማሃሮት ናይ ዋሰል ፈተና በብዓመቱ ካብ ሳልሳይ ኽፍሊ ጀሚሮም እስካብ ካልኣይ ብርኪ ዝበጽሑ ናይ ዋስል ምርመራ ይወስዱ እዮም።ናይቲ ምርመራ ውጽኢት እውን ንወለዲ ብፖስታ ይስደደሉም እዩ።**

**ካልኦት ዝዋሃቡ መለኪዒ ምርመራታት:**

- **ዳይናሚክ ኢንዲከተር በዚክ ኤርሊ ሊትረሲ** (DIBELS):
  **አንደኛ ደረጃ ት/ቤት ንባብ እና የመጻፍ ፈተና**
- **ዋሽንግተን ላንጉጅ ፕሮፍሸንሲ ቴስት** (WLPT):
  **የተወሰነ የእንግልዘኛ ቋንቋ ችሎታ ላላቸው ተማሪዎች የሚሰጥ ፈተና**
- **ዲቨሎፕመንታል ሪዲንግ አሰስመንት** (DRA)
- **ዳይረክት ራይትንግ አሰስመንት** (DWA)
- **ፕርሊመናሪ ኮላስቲክ አፕቲቱድ ቴስት** (PSAT):
  **ወደ ኮሌጅ ለመግባት የሚዘጋጁ ተማሪዎች የሚሰጥ ፈተና**



**ሓበሬታ**

- **ቤት ትምህርትታት ብዛዕባ ናይ ተምሃሮት ምርመራታት ዝዋሃበሉ ዕለትን ሰዓትን ንወለዲ የፍልጡ።**
- **ወለዲ ተምሃሮት ምርመራ ንምውሳድ ብደንቢ ተዳሊዮም ክመጹ ይግብሩ። እኹል ድቃስ ክድቅሱ፣ ጽቡቕ ምግቢ በሊዖም ክመጹን እኹል ዕረፍቱ ክረኽቡን ብሳዓቶም እውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ክርከቡ ይገብሩ።**
- **ቤት ትምህርትታት ናይ ዋስል ምርመራ ውጽኢት ናብ ወለዲ ቦስታ ክስደድ ይገብሩ።**
- **ቤት ትምህርትታትን ናይ ኮሚዩኒቲ ማሕበራት ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርታዊ ዝኾኑ ሰሚናር ብምድላው ወለዲ ብዛዕባ ናይቲ ምርመራታት ውጽኢት ክመያየጡን ሓሳባት ክህብሉን ይገብሩ።**
- **ወለዲ ናይቲ ምርመራ ውጽኢት ብምስትውዓል ይርኢዩዎ እሞ ምስቲ ዝሓለፈ ዓመት የነጻጽርዎ። ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልዎም እውን ምስቶም መምሃራንን ወይከኣ ካልኦት ናይቲ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ክዘራረቡን ክሓቱን የኽእሉ እዮም።**
- **ወለዲ ናይ ደቆም ናይ ሕድሕድ ናይ ትምህርቲ ዓይነት ምርመራ ውጽኢት ዝላዓለ ወይከኣ ዝተሓተ እንተዳኣ ኾይኑ ናይ ምፍላጥ መሰል ኣለዎም እዩ።**
- **መምሃራንን ወለዲን ብዛዕባ ናይ ምርመራታት ውጽኢት ኣብቲ ዝግበር ናይ መምሃርንን ወለዲን ኮንፍረንስ ይመያየጡ እዮም።**
- **ቤት ትምህርትታት፣ ወለዲን ናይ ኮሚዩኒቲ መራሕቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ምርመራታት ውጽኢት ናይ ሓባር ገምጋም ይገብሩ**

ካልኦት ሓሳባት:

- ________________________________________
- 

## 5. ናይ ትምህርቲ ፕላን ንሕድሕድ ተምሃሮት

### ናይ ኣካዳሚክ ትምህርቲ ሸቶ ዕላማ

ሕድሕድ ተምሃራይ ምስ ዕድሚኦም ዝመጣጠን ናይ ትምህርቲ ሸቶ ወይከ
ኣ ዕላማ ክህልዎም ይግባእ። ተምሃሮት በቲ ዝገበረሎም ዝተፈላለዩ ሓገዛት
ን ምትሕብባርን እቲ ዕላማኦም ኣብ ሸቶኡ ክበጽሕ ከምዘለዎ ክገብሩ ኣለ
ዎም።

### ሓገ ካብ ቤት ትምህርትታት፣ ስድራቤታትን ናይ ኮሚዩኒቲ ማሕበራት

ናይ ቤት ትምህርቲ ሪፖርት ካርድን ናይ ምርመራታት ውጽኢትን ነጥብታ
ት ወለዲ፣ መምሃራን ናይቶም ተምሃሮት ዕላማ እንታይ ኸኾን ከምዝኽእል
ንምፍላጥን ንምግማትን ይሕግዞም እዩ። ሓገዝ ንተምሃሮት ብዝተፈላለይ መ
ልክዕ ክዋሃቦም ይካኣል እዩ።ብፍላይ እውን ካብ ስዳርቤት ዝዋሃብ ሓገዝ
ኣብ ልዕሊ ተምሃሮት ዓብይ ግደ ኣለዎ።

ወለዲ ብዛዕባ ናይ ደቆም ትምህርቲ ፕላን ኣብ ምውጻእ ስራሕቲ ሓገዝ
እደልዩ እንተዳኣ ኾይንኩም ምስ ናይቲ ቤት ትምህርቲ መምሃራን ፣ ምስ
ኮንስላራትን ካልኦት ናይቲ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ክትዘራረቡ ትኽ
እሉ ኢኹም።ኣብ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ወለዲ ብዛዕባ ደቅኹ
ም ብዝጥምት ዝኾነ ነገራት ሓሳብኩም ክትገልጹን ክትሳተፉን ሙሉእ መሰ
ል ኣለኩም እዩ።



### ሓበሬታ

- መምሃራን ተምሃሮት ጽቡቕ ናይ ኣካዳሚ ትምህርቲ ውጽኢት ክህ
  ልዎም ወለዲን ተምሃሮትን ሓደ ዓይነት ሸቶ ክህልዎም ይድለይ
- ቤት ትምህርቲ ናይ ወለዲን መመሃራንን ኮንፍረነስ ወይከኣ ኣኼባ
  ተራኺቦም ብዛዕባ ናይ ተምሃሮት ዕብየትን ካልኦት ምእባለታትን
  ጸገማትን ይዘራረቡ።
- ካብ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ኣቢሉ ዝርከብ ሓገዛትን
  ምትሕብባርን ወለዲ ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ብዛዕባ ዘለ
  ዉ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማትን ካልኦት ናይ ትምህር
  ቲ ዕድላት መግለጺን ሓበሬታን ክረኽቡ ይግበር።
- ወለዲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ካሪክለም
  ንኣብነት ከም ናይ ስፖርት፣ አርት ስነጥበብ፣ ሙዚቃን ካልኦት
  ናይቲ ኮሚዩኒቲ ምንቅስቓሳት ዝኣመሳሰሉ ዝተፈላለዩ ፕሮግራማ
  ት ክምዕብሉ ንምግባር ክሳተፉን ኣስተዋጽኦ ክገብሩ ይድለይ።
- ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራተሕተኛታትን ናይ ኮሚዩኒቲው ማሕበራት
  ወለዲ ዝተፈላለዩ ናይ ትምህርቲ ዕላማን ሸቱኡን ፈልዮምን ነጺሮ
  ም ክፈልጡ ይተሓባበሩ።
- ቤት ትምህርትታት፣ ወለዲን ናይ ኮሚዩኒቲ ማሕበራት ብሓባር እ
  ናተሓጋገዙ ብምስራሕ ንናይ ቤት ትምህርትታት ምምሕያሻትን ን
  ተምሃሮት ክጠቅም ዝኽእል ፕሮግራማት ክህልው ጻዕሪ ይገብሩ።
- ወለዲ፣ መምሃራን፣ ኮንስላራትን ናይ ኮሚዩኒቲ ማሕበራት ብሓባር
  ተሓጋጊዞም ብምሳርሕ ተምሃሮት ናብ ኮለጅን ናብ ካልኦት ላዕ
  ለዋይ ብርኪ ቤት ትምህርትታት ኣትዮም ክማህሩን ብቑዓትን ድ
  ሉዋትን ክኾኑ ጻዕሪ ይገብሩ።

<u>ካልኦት ሓሳባት:</u>

- ______________________________
- ______________________________

## 6. ፕሮግራማትን ሓገዝ ንተምሃሮት

### ናይ ትምህርቲ ሓገዛት

**ድሕሪ እቲ ስሩዕ ትምህርቲ ማለት ቐዳምን ሰንበትን ከምኡውን ናይ ሓጋ
ይ ፕሮግራም ተምሃሮት ናይ ትምህርቲ ሓገዝ ክረኽቡ ይግበር እዩ።ናይ
ትምህርቲ ሓገዛት ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኮሚዩኒቲ ሰንተርን ኣብ ኸባቢኦም
ዝርከብ ቤተክርስቲያናት ክዋሃብ ይካኣል እዩ።**

**ወለዲ ንደቆም ዝሰማማዕን ዝጥዕምን ፕሮግራም ንምርካብ ምስቲ ናቶም ቤ
ት ትምህርቲ ወይከኣ ኣብ ኸባቢኦም ዝርከብ ናይ ኮሚዩኒቲ ማሕበራት ክ
ዘራረቡን ሓበሬታ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።**

ዝኾነ ህጻን ንድሕሪት ክተርፍ የብሉን ብዝብል ሕጊ (NCLB) ቤት ትምህር
ትታት ሓገዝ ዘድልዮም ተምሃሮት ፈልዮም ብምውጻእ ኩሉም ህጻውንቲ እ
ቲ ዘድልዮም ሓገዛት ንሰለስተ ዓመት ወይከኣ ካብኡ ንላዕሊ ዝኣክል እዋ
ን ነጻ ናይ ትምህርቲ ሓገዝ ክዋሃቦም ከምዘለዎ እቲ ሕጊ የገድድ እዩ።
ውላድኩም ሓገዝ የድልዮም እንተዳኣ ኾይኑ ንምፍላጥ ምስ ናይ ውላድኩ
ም ቤት ትምህርቲ ተዘራረቡ።

ናይ ተምሃሮት ሽማግለ ጋንታ (SIT) **ተምሃሮት ኣብ ኽፍሊ ውሽጢ ኾነ
ኣብ ደገ ንዘጋጥሞም ጸገማት ፍታሕ ንምርካብ ጻዕሪ ይገብሩ። ናይ እዛ
ጋንታ ኣባላት ካብ ወለዲ፣ መምሃራን፣ ኮንስላራትን ካልኦት ናይቲ ቤት ት
ምህርቲ ሰራሕተኛታት ዝተዋጽኡ እዮም።**

ናይ ብሕቲ ትምህርቲ ፕላን (IEP) **ፍሉይ ሓገዝ ዘድልዮም ተምሃሮት
ኣካለ ስንኩል ዝኾኑ እሞ ፉሉይ ፕሮግራምን ግልጋሎትን ክዋሃቦም ይግበር
ናይዛ ጋንታ ኣባላት ካብ ወለዲን ቤት ትምህርቲ ዝተወጻጽኡ እዮም ኣድላ
ይ እንተዳኣ ኾይኑ እውን ካብቲ ኮሚዩኒቲ እውን ክህልዉ ክግበር ይካኣል
እዩ።**



**ሓበሬታ**

- **ወለዲ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ናይ ኮሚዩኒቲ ኣባላት ኩሉም ፉሉይ ሓገዝ ዘድልዩም ተምሃሮት እቲ ዘድል ይ ሓገዝ ክረኽቡ ንምግባር ተሓጋጊዞም ክሰርሑ ኣለዎም።**
- **ወለዲ ተምሃሮት ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ካሊእ ፕሮግራማት ዝ ሳተፉ እንተዳኣ ኾይኖም ብዛዕባ እቲ ፕሮግራም ንመምሃራን ክፍልጡ ኣለዎም።**
- **ወለዲ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ካልኦት ግልጋሎ ት ዝህቡ ኽፍልታት በብእዋኑ እናተራኸቡ ብዛዕባ ናይ ተምሃ ሮት ናይ ትምህርቲ ውጽኢትን ምዕባለን ከምኡውን ብዛዕባ ክግበሩ ዝግባእ ስራሕቲ ክመያየጡ ኣለዎም።**

<u>ካልኦት ሓሳባት:</u>

- ________________________________________
- ________________________________________

## 7. ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕዳር ምምሕያሽ

**ቤት ትምህርትታት ንምምሕያሽ**

**ንኹሎም ህጻውንቲ ዝዋሃብ ትምህርቲ ዝተማሓየሽ ክኾንን ናይቲ ትምህርቲ ስርዓትን ኣሰራርሓን በብእዋኑ ክማሓየሽ ለውጢ ክግበሮ ኣለዎ።ተምሃሮት ወለዲ፣ ናይ ኮሚዩኒቲ መራሕቲን ናይ ቤት ትምህርትታት ሰራሕተኛታት ኩሎም ብሓባር ነቶም ዘጋጥሙ ጸገማት ፍታሕ ንምርካብ ሓሳባት ኣብ ሞ ንጎም ብምልውዋጥ ብሓባር እናተሓጋገዙ እቲ ቤት ትምህርቲ ንኽማሓየሽ ጻዕሪ ክገብሩ ኣለዎም።**

**ዝኾነ ህጻን ንድሕሪት ክተርፍ የብሉን** (NCLB) **ዝብል ሕጊ መሰረት እው ን ቤት ትምህርትታት ንምምሕያሽ ፕላን ኣብ ምውጻእ ስራሕቲ ወለዲ ከ ምዝሳተፉን ሓሳባት ክህቡን ክግበር ኣለዎ። እቶ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ም ምሕዳር ኽፍሊ እውን ብዛዕባ ዝተሰረሐ ስራሕቲ በብእዋኑ ንወለዲን ንናይ ቲ ኮሚዩኒቲ ኣባለት ክፍልጡ ኣለዎም።ኣብቲ ዘቕርብዎ ሪፖርት እውን ብ ዛዕባ ናይ እታ ቤት ትምህርቲ ናይ ዋስል ምርመራ ውጽዒትን ክንደይ ብ ዝሒ ተምሃሮት ከምዘለዉን ክንደይ ተምሃሮት እውን ናብ ካልኣይ ብርኪሓ ሊፎም ክምዝኸቡን ዝኣመሰሉ ሓበሬታታት ምስቲ ሪፖርት ክግለጹ ኣለዎም**

**ወለዲ፣ ቤት ትምህርትታትን ናይ ኮሚዩኒቲ ማሕበራት እቲ ዝርዝር ሪፖር ት ምስረኣዩ ብድሕሪኡ እውን እቲ ቤት ትምህርቲ ዝማሓየሸሉ ፕላን የው ጽኡ።**



ሓበሬታ

- **ቤት ትምህርቲን ወለዲን ናይ ወለዲን መምሃራንን ማሕበር ኣብ ሕድሕድ ቤት ትምህርቲ ክህልው ምግባር። ንተምሃሮትን ቤት ት ምህርትን ዕብየት ክሕግዝ ዝኽእል ኣጀንዳ ምድላው።**
- **ቤት ትምህርታት፣ ወለዲን ናይ ኮሚዩኒቲ ኣባላት ኣብቲ ዝካየድ ኣኼባታት ብምርኻብ ብዛዕባ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ዕብየትን ምዝ ርራብ፣ እቲ ዝተረኸበ ጽቡቕ ምእባለ ምትብባዕ፣ ንቶም ዘለዉ ድ ኽመታትን ጸገማትን እውን ፍታሕ ክረኽቡ ጻዕሪ ምግባር።**
- **ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ወለዲን ሕድሕድ ቤት ትምህ ርትታት ለውጢ ከምጽኣሉ ዝኽእለን ፕላን ምድላው። ቐዳምነት ክ ዋሃቦም ዝግባእ ስራሕቲ እውን ኣቐዲሞም ክሰርሑ ብምግባር እቲ ቤት ትምህርቲ ምምሕያሽ ክገብር ምግባር።**
- **ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ወለዲን ናይ ቤት ትምህርቲ ባጀትን ናይ ገንዘብ እቶትን ወጻእን ዝምልከት ኣብ ዝግበር ኣኼ ባክሳተፉ ክግበር እዩ።**
- **ወለዲ ኣብ ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ብዛዕባ ናይ ትራንስፖርት፣ ብዛዕባ ሓደሽቲ ፕሮግራማትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ፖሊሲታት ምኽሪ ምሃብን ኣብ ኩለን ኮሚቴታት ወይከኣ ኮንስላ ትኣማኻሪ ሙኻን። ንጡፍ ተሳታፋይ ሙኻን።**
- **ወለዲ ናይ ቤት ትምህርትታት ቦርድ መዓዝ ኣኼባ ከመዘካይዱን እቲ ኣኼባ ዝካየደሉ ዕለት ክፈልጡ ይግበር እዩ። ኣብዚ ዝካየድ ኣኼባ እውን ወለዲ ተረኺቦም ዘለዎም ሪኢቶን ሓሳባትን ክህቡን ድምጾም ከስምዑን ይኽእሉ እዮም።**
- **ናይ ኮሚዩኒቲ ማሕበራት ንቤት ትምህርትታት ዘድልዩ ኣገደስቲ ዝባሃሉ ነገራት ኩሉ ዘርዚርካ ምፍላጥ። ጸገማት እንተጻኣ ሃሊዮም እውን እቶም ጸገማት ፈሊኻ ምውጻእን ፍታሕ ክርከበሎም ጻዕሪ ምግባር ምስቲ ቤት ትምህርቲ ተሓጋጊዝካ ምስራሕ።**

ካልኦት ሓሳባት:

- ______________________________________
- ______________________________________

## 8. ሕቶን ካልኦት ዘተሓሳስቡ ነገራት

### ርክባት

**ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ስርዓትን ኣሰራርሓን ክህሉ እንተዳኣ ተደሊዩ ኣብ ሞንጎ ወለዲ፣ኮሚዩኒቲን ቤት ትምህርትታት ጹልጹልን ምዕቡልን ዝኾነ ርክባት ክህሉው ኣለዎ። ኹሉም ብሓባር ተሓጋጊዞም ብምስራሕ፣ ሓበሬታ ብምልውዋጥ፣ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ብሓባር ንዘጋጥም ጸገማት ፍታሕ ክረኽብሉ ይኽእሉ እዮም።ንተምሃሮት ትምህርቲ ምምሕያሽ እውን ዓብይ ግደ ኣለዎ እዩ።**

**ሓበሬታ**

- **ወለዲን መምሃራንን ትምህርቲ ኣብዝጅመረሉ ዓመት ቖጸራ ብምሓዝ ኣብ ገዛ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ኣብቲ ኮሚዩኒቲ ኣብ ዝግበር ኣኼባን ኮንፍረንስ ተረኺቦም ምስ መምሃራን ክዘራረቡ ይኽእሉ እዮም።**
- **ቤት ትምህርትታት ወለዲ ምስ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ዳይረክተር ተራኺቦም ክዘራረቡን ክመያየጡን ዕድላት ክህልዎም እዩ።**
- **ወለዲ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ወይከኣ ናይ ኮሚዩኒቲ ሰራሕተኛታት ኣቐዲሞም ቆጸራ ብምሓዝ ብዛዕባ ናይ ደቆም ናይ ትምህርቲ ዕብየትን ክዘራረቡን ከምኡውን ሕቶታት ክሓቱ ይኽእሉ እዮም**
- **ወለዲ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ናይ ኮሚዩኒቲ ሰራሕተኛታት ኣብ ዝኾነ እዋን ኩሉም እናተራኸቡ ክመያየጡን ክዘራረቡን ይኽእሉ እዮም።**
- **ቤት ትምህርትታት ብናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ፖሊሲ መሰረት ናይ ብሕቲ ዝኾነ ሓበሬታ ኩሉ ንማንም ሰብ ከምዘይዋሃብን ብምስጢር እውን ክታሓዝ ከምዘለዎ ይግበር እዩ።**
- **ወለዲ፣ መምሃራንን ካልኦት ናይቲ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ሓድሓደ ተምሃሮት ዘጋጥም ጸገማት ፍታሕ ንምርካብ ብሓባር ጻዕሪ ይገብሩ እዮም።።**
- **ወለዲ ወይከኣ ናይ ኮሚዩኒቲ ተወከልቲ ነቶም ጸገማት ፍታሕ እንተዳኣ ዘይረኺቦም እቲ ኾነታት ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ናይ ዓማዊል ኽፍሊ ፍታሕ ክረኽብሉ ይንገሮም። ስልኪ ቁጽሪ (206) 252-0010.**

<u>ካልኦት ሓሳባት:</u>

- ______________________________________
- ______________________________________



## ኣደለይቲ ፍልፍላት

**ናይ ስያትል ህዝብዊ ቤት ትምህርትታትን ስድራቤት ምሕዝና መምርሒ**

***“እዙይ ፖሊሲ ወይከኣ መመርሒ ናይ ስያትል ቤት ትምህርታት ቦርድ ዓላማ እዩ። ናይዚ ፖሊሲ ቐንዲ ዓላማ ወለዲ፣ ኣብ ቤት ትምህርትታት፣ ኣብ ገዛ፣ ኣብ ኮሚዩኒቲ ብኹሉ መዳያት ተሳተፍቲ ክኾኑ ምግባር ምትብባዕን እዩ።ወለዲ ካብ ዝተፈላለዩ ናይቲ ሕብረተሰብ ኽፍሊ ዝመጹ ከምኻኖም መጠን ዝተፈላለዩ ባህልታትን ልምድን ዘለዎም እዮም እዙይ እውን ብፍላይ ንቶም ተምሃሮት ኣብ ትምህርቶም ብጣዕሚ ዓብይ ጥቕሚ ከምዘለዎ እቲ ናይ ቤት ትምህርትታት ቦርድ እምነት እዩ። ስለዝኾነ እውን ናይ ስያትል ቤት ትምህርትታት ማለት ኣብኩለን ቤት ትምህርትታት ኣብ መንጎ ወለዲን እቲ ቤት ትምህርትን ምዕቡልን ጹልጹልን ዝኾነ ዝምድና ወይከኣ ርክባት ክህልዎም እቲ ቦርድ ብዝካኣሉ ጻዕሪ ክግብር እዩ።”***

**(ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ፖሊሲ F05.00, ኦጎስት 2004)**

**ንወለዲን ና ኮሚዩኒቲን ተወሳኺ ናይ ቤት ትምህርትታት ቦርድ ፖሊሲ:**

- **ምስ ኮሚዩኒቲ ርክባት**
- **ናይ ዜጋታት ኣማኻሪት ኮሚቴ**
- **ናይ ዜጋታት ኣማኻሪ ኮሚቴ ኣሰራርሓ**
- **ናይ ዜጋታት ሕጊ ኣሰራርሓ**
- **ናይ ኮሚዩኒቲ ምትሕብባራት**
- **ወለዲን መምሃራን ማሕበር**
- **ህዝባዊ ምስታፍ ኣብ ና ቦርድ ኣኼባታት**
- **ናጻ ግልጋሎት ዝህቡ**
- **ቤት ትምህርቲ ዑደት ዝገብሩ**

**እዚኦም ካልኦት ምስ ጉዳይ ተምሃሮትን፣ ቤት ትምህርትታትን ናይ ትምህርቲ ዓይነታት ዝተተሓሓዙ ተወሳኺ መመርሒ ወይ ፖሊሲ ኣብ ናይ ስያትል ህዝብዊ ቤትትምህርትታት ዌብ ሳይት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። (<u>www.seattleschools.org</u>) ወይከኣ ናብ ምምሕዳር ኽፍሊ ብምኻድ ክተዘራርቡ ትኽእሉ ኢኹም።**

- ምስ ቤት ትምህርቲ ወይከኣ ምስ ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህር ትታት ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት ንምርኻብ ዝስዕብ ኣድራሻ ተጠቀሙ ።

  **Seattle Public Schools**
  **John Stanford Center for Educational Excellence**
  **2445 3rd Avenue South**
  **PO Box 34165, Seattle, WA 98134**
  **(206) 252-0000**
  **www.seattleschools.org**

- ስያትል ህዝባዊ ቤተመጽሓፍቲ ( ኣብ ስያትል ዝርከባ ኹለን)
- ዝኾነ ህጻን ንድሕሪት ክተርፍ የብሉን (www.nclb.gov)
- ናይ ወለዲን መምሃራንን ማሕበር (www.pta.org)
- ናይ ኮሚዩኒቲ ስልጠናን ሓገዝን ሰንተር (www.ctacusa.com)

**ካልኦት ሓሳባት:**
- ________________________________________
- ________________________________________



**መዘኻኸሪ**